# ስንኩላንና ካባና ቖላሕታ'ዮም ዝጠልቡ !

ስንኩል ብባህርያዊ ሓደጋ፡ ብሕማም፡ ብዓጸቦ፡ ብኩናት ኣካላዊ ማህሰይቲ ዝወረዶ ካብ'ቲ ምሉእ ሰብ ዝበሃል ዓቕሚ ዝሓጸሮ ሰብ እዩ።ስንክልና ፍሉጥን ርኡይን ስለ-ዝኾነ ምርድኡ ዘየጸግም ብዘይ ሕቶ ምላሽ ምሃብ እዩ ዘድሊ።

እቶም ናይ ኣእምሮ ጸገማት ዘይብሎም ኣብ ካልእ ክፍሊ ኣካላቶም ዝሰንከሉ ናይ ትምህርቲ ደረጅኦም ከም ዝሰፍሕ ጌርካ ሞያዊ ስልጠናታት ብምሃብ በቲ ዝሰልጠንዎ ሞያዊ ብቕዓት፡ናይ ስራሕ ዕድላት ክረኽቡ ዘተኣማምን ዕድላት ምፍጣር ነብሶም ክኢሎም ንቡር ህይወቶም ክመርሑ ምትብባዖም መሰረታዉ ፍታሕ ኮይኑ፡ ኣጆኹም ምባሎም ፍናኖም ዘፈርዝን መንፈሶም ዘቕስን ሓላል ተግባር እዩ።እቶም ረዚን ስንክልና ዝወረዶም ምሉእ ማእለይቲ ዘድልዮም ብመንግስቲ ዝግበረሎም ሕብሐባን ክንክንን ጥራይ ዘይኮነስ ብተወሳኺ ሕብረተሰብ ከተባብዖም ክሕግዞምን ክጥዉሮምን ሓላፍነታዊ ግቡእ እዩ።

ህይወት ሓያል ቃልስን ጻዕርን ትሓትት፡ህይወት ብባህሊ ዝተገዝአት ስለ ዝኾነት ንሓደ ባህሊ ኀሲካ ወይ ዕሽሽ ኢልካ ክሕለፍ ዘይኮነስ ነቲ ድሑር ምሒኻ ሓያል ኀድንታቱ የሐይልካን ኣማዕቢልካን ኢኻ ትኀዓዝ።ህዝቢ ኤርትራ ሓደ ካብ ዘሐብኑ ብዙሓት ባህልታቱ ባህሊ ምትሕግጋዝ እዩ።ጽጉም ምርዳእ ምድንጋጽን ምትሕብባርን ዝነበረን ዘሎን እዩ።ድንጋጸ ጥራይ ግን ኣኻሊ ኣይኮነን፡ብፍላይ ኣብ ስንኩላን ትርጉም ስንክልና ብግቡእ ተረዲእካ ምስ ሕብረተሰቦም ተሓናፊጾም በታ ዝተረፈት ኣካሎም ከፍርዩ ከም ዝኽእሉ ምእማን።ጠንቅን ሳዕቤንን ስንክልና ብሩህ ክሳብ ዝኾነ እወንታዊ ምላሹ ምሃብ ሓባራዊ ዕማም እዩ።

ኣብ ዓለም ነባርን ዘይሓልፍን ነገር የለን ከከም ዝመጾ ዝልከም ለኻኺሙ ይሓልፍ እዩ። ኩሉ እቲ ዝሓልፍ ግን በሰላን ኣሰርን ይሓድግ።ንተደራራቢ ሰንሰለታዊ መግዛኣቲ ንምብታኽ ዝተኻየደ መስርሕ ምርብራብ፡ኣብ መንጎ ምህላዉን ዘይምህላዉን ናይ ክብርን መንነት ፍትሕን ምርግጋጽ ብድሆታት፡ ምስቲ ምሉእ ዘይጉዱል ክሳብ ዓንቀሩ ዝዓጠቐ ገዚፍ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ዘዉፈረ ጸላኢ ምስ ደረት ኣልቦ ቑጠባዉን ደገፍ ምረቓን ሓያላን ሃገራት፡ተደመሮ ዝርያን ሽቕታ ዕሽሽታን ማሕበረሰብ ዓለም ቀሊል ኣይነበረን።

ብኣንጻሩ ንኽጸንት ዝተፈርደ ዉሑድ ህዝቢ ኤርትራ ኒሕን ሓቦን ሰኒቑ ኣብ ዉሽጢ መሪሪ ጸበባ ናብ ራህዋ ብምምዕዳዉ ተስፋ ሰኒቑ ብዘይ ኣላሽነት ምስ ኩሉ ተራጺሙ፡ ኩሉ ካብኡ ዝጥለብ እናኸፈለ ዘይተጻዓድነቱን ህላዉነቱን ኣመስኪሩ።ኣብ ከምዚ ዝበለ ዘይስገር ዝመስል ግንከ ዝተሰግረ መሪር ኩነት ህዝቢ ንቡርን ሰላማዊ ህይወቱ ከይመርሕ ኣባይቱ ዓንዩ፡ ንብረቱ፡ ተዘሚቱ፡ ተዘናቢሉ፡ ስድራቤታት ተበታቲኑ ተሞቒሑን ተረሺኑን ቤቱ ብርሕዉ ተሰዲዱ እዩ።ሓያል መኸትኡ ግን ንሽንቱ ኮይኑ ኣይተረፈን ከም ህዝብን ሃገርን ኣለኹ ክብል ህላዉነቱ ከዉሕስ በቒዑ እዩ፡ናጽነት ዝለዓለ ሞሳ ይኹን እምበር ዘይርሳዕ ኣሰርን በሰላን ሓዲጉ እዩ።

ኤርትራ ምባል ንዝሓለፉ ኣዝዮም መረርቲ በዳህትን ኩነታት ዝተኸፍለ ርዚን ዋጋ ከይዘከርካ ክስገር ዘይከኣል እዩ።ነዚ ስለ ንዝክር ኢና ስዉኣትና ነኽብርን ነመስግንን፡ ስንኩላንና ሓበን እዮም እንብል።ንኽብሪ ህዝብን ሃገርን ምስንካል ዝለዓለ ሓበን ምኻኑ ስለ ዘየማትእ ማዕረ ስንክልንኦም ዝዳረግ ደገፍ ምግባር ኣገዳስነት ኣለዎ፡ዘተኣማምን ቁጠባዊ ረዲኤት ክረኽቡ ብፍናንን ሓበንን ክነብሩ በቢ ዓቕምና ኣጆኹም ክንብሎም ይግባእ።

*በቲ ሓደ ሸነኽ ዝነኣድ ኣተሓሕዛ መንግስቲ ኣብ ስንኩላን ምስ ዘለዉ ኣዝዮም ዘየቅስኑ ሃገር ገጢሙዋ ዘሎ በዳህቲ መድረኻት፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ ነቲ ሓያልን ንኩሎም ስንኩላን ዝሓቑፍ ማሕበር ስንኩላን ኲናት ሓርበኛታት ኤርትራ ኣብ ዉሽጢ። ኣብ ግዳም ድማ ጨንፈራት ብሙቓም ከም ኣብ (ሃገረ ሽወደንን ጀርመንን)ወዘተ... ከም ኣካሉ ብምዉህሃድ ዝካየድ ዘሎ ዕዉት ንጥፈታት ፍሩይ ተራን ክብርን ሞጎስን ኣድንቖትን ከምዝግብኦ ከስምረሉ እፈቱ።*

*ሕመረት ሓሳበይ ግን እዞም ኣብ ስደት ንነብር ኣብ ንነብረሉ ሃገር (ካብ ሃገር ናብ ሃገር ፍልልይ ክህሉ ንቡር ኮይኑ)መሰልን ሓለፋን ዕድላትን ንስንኩላን ዝግበረሎም ክንክንን ንዕዘብ ኣሎና።መሰሎም ብሕጊ ዝተነጸረ ኮይኑ ኣብን ምስን ዝደለይዎ ሰብን ቦታን ክነብሩ፡ ዝተማለአ ማሕበራዊ ኣገልግልት ንኽረኽቡ መጎዓዝያ፡መንበሪ ኣባይቲ፡ኣብያተ ጽሕፈት፡ መዘናግዒ ቦታታት ኩሉ ማሕበራዊ ንጥፈታት ንስንኩላን ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ።ስለ ዝኾነ መብዛሕትኦም (ብዘይካ እቶም ምእላይ ዘድልዮም ከቢድ ስንክልና ዝወረዶም) ተጻበይቲ ዘይኮኑስ ኣፍረይቲ እዮም።ብማሕበሮም ተጠርኒፎም ይነጥፉ ንመሰላቶ ይቃለሱን ይጣበቑን ነብሰ ምትሓት ዝበሃል የብሎምን፡ከም ኩሉ ዜጋ ዜጋዊ መሰሎም ዝተሓለወ እዩ።*

*እዚ ምዕባለ እዚ ነዉሕ ግዜ ዝወሰደ ገዚፍ ሞያዉን ቁጠባዉን ዓቕሚን ጥሙር ጻዕርን ተወፋይነትን ዝሓተተ ድኣ'ምበር ብዘረባን ባህግን ብምሕንጣጥን ብሓደ ረፍዲ ዝተተግበረ ኣይኮነን።እዚ ክነወዳደረሉ ወይ ክነናጻጽረሉ ዘይኮነስ ካብ'ዚ እንመሃሮ ኣዝዩ ብዙሕ ምኻኑ ምግንዛበ የድሊ።*

*ናይ ኩሉ መሰረታዊ ፍታሕ ምዕሩይን ምዕቡልን ሓያል ቁጠባ ሃገር እዩ።እዚ ከኣ ግዜን ጻዕርን የድልዮ ክሳብ ግዚኡ ዝኣክል ግን እዋናዉያን በዳህቲ ማሕንቖታት ንምስጋር ካብ ዝሓለፈ እዋን ንላዕሊ ስጡም ጻዕሪ የድልየና።ኣብ ግዜ ቃልሲ ዝተኸፍለ ኤርትራዊ ህይወት፡ኣካል፡ጉልበት ሕጂ'ዉን ገና ኣብ ህንጸትን ምኽባር ልእላዉነትን ዝቕጽልን ዝፈስስን ዘሎ ጻዕሪ ፡ሃገርና ዝገጥማ ዘሎ መሰናኽላት ካብ ማንም ኤርትራዊ ዜጋ ስዉር ኣይኮነን፡ እዚ ከም ርዱእ ተወሲዱ ዝጥለብን ዝድለን ኣበርክቶ ኣብ ቦትኡ እናሃለወ ብዉሑድ ብደረጃ ብዉልቀ ኮነ ብማሕበር ብቐሊል ክዕመም ዝከኣል ካብ ገበርቲ ሰናይ፡ ኣብያተ ሕክምና ሆስፒታል፡ መዕቆቢ (መናበይ)ኣረጋዉያን፡ ናይ ስንኩላን ዓረብያታት፡ ምርኩስ፡ ዓራዊቲ፡ ናይ ስፖርት ናዉቲ፡ወዘተ... ንመድሃኒት ዝምልከት ድማ ክኣትዉ ዝግብኦም መድሃኒታት ንሚኒስትሪ ጥዕና ብምዉካስ ክንእክብ ዘይከኣል ኣይኮነን።ከም'ቲ ዝድለ ኣይተገልጸን ድኣ'ምበር ከም'ዚ ዝበለ ዕዉት ተበግሶ ዝወሰዱ ባእታታት ኣይተሳእኑን።*

*ተበግሶና ስሉጥን ዕዉትን ክኸዉን ኮለል ዘይብሉ ናይ ዝኣከብናዮ ዓይነት ንብረት ኮንተይነር ብምድላዉ ኩሉ ወጻኢታት ባዕልና ሸፍንና ናብ ዝምልከቶ ኣካል ምስዳድ ዝከኣል ተግባር እዩ። ብዓቢኡ ድማ ኣባል ማሕበር ስንኩላን ብሙኻን ወሓዚ ደገፍና ክነበርክት ማሕበር ስንኩላን ኣብ ዘዳልዎ ባህላዊ መደባትን ፕሮጀክትታትን ምስታፍ ኣብ ግናዕ ኢድና ዘሎ ዓቅሚ እዩ። እዚ ምስ እንገብር ኣብ መንፈስና ዝዓስል ሩፍታ ኣብ ስንኩላንና ደቆምን ስድራቤቶምን ዝፍጠር ባህታ ፍናናዊ ሓይሊ ቀሊል ኣይክኸዉንን እዩ። ዘይከኣል ኣይኮነን፡ንኩሉ ተገንዚብና ብግስ ጥራይ ስንኩላንና ካባና ደሃይን ቆላሕታን እዮም ዝጠልቡ።*

*ስንክልና ዘይምስራሕን፡ ናይ ስራሕ ዕንቅፋት ምኻንን እዩ !*
*ክብሪ ን 3 ታሕሳስ ኣህጉራዊ መዓልቲ ስንኩላን!*
*ዓንደመስቀል ክንፈ (ኤስሊንገን - ጀርመን)*